# መ ዝ ሙ ር ጸ ሎ ት

## መዝሙር እምነት 109 ከየባተኽካ ጸሊ

1. ከየባተኽካ ጸሊ ኣብ ግዜ ጸበባ፡
   ፍቕሪ ኣምላኽ ሓይሉ ናባኻ ኣድህቦ፡

2. ከየባተኽካ ጸሊ ኣብ ግዜ ራዕድኻ፡
   ጸጋ ኣምላኽ ትብዓቱን ይህቦ ንዓኻ፡

3. ከየባተኽካ ጸሊ ኣብ ግዜ ራዕድኻ፡
   ጸጋ ኣምላኽ ትብዓቱን ይህቦ ንዓኻ።

# <u>መዝሙር እምነት 110 ህደም ናብ ቦታ ጸሎትካ</u>

1. ኣገልጋሊ ኣምላኽ ህደም ናብ ቦታ ጸሎትካ፣
   ኣብኡ ኢኻ እትረኽቦ ክትብሎ ዝደልየካ።

2.“ዎ” ክቡር መናኒ ህደም ናብ ቦታ ጸሎትካ፣
   ኣብኡ እዩ ሓይሊ ዘሎ ዘፈጽሞ መገሻኻ።

3.ጭፍራ ጸልማት ዚርዕደሉ ጸልማት
   ዚሃድመሉ፣

   ቦታ ናይ ጸሎትን ኢዩ ንኣምላኽ ነስምረሉ።

4.ተዓዋቲ የሱስ፣ ጎይታ ብሉጽ ኣብነትና፣
   ከማኻ መታን ክንዕወት ምጽላይ ምሃረና።

5.እነፍስሶ ኩሉ ንብዓት እህህታ ልብና፣
   ኣብ ልብኻ ተዋህሉሎ መታን ክትምልሰልና።

ደ.ሉ

## <u>መዝሙር እምነት 111 ጸሎት መሃረኒ</u>

1. የሱሰይ ንስኻ ኣብ ምድሪ ከሎኻ
   ኣሰርካ ክስዕብ ትጽሊ ነበርካ።
   ነዚ ተረዲኤ ኣነውን ኣብ ምድሪ፡
   ወርትግ ንምጽላይ ጎይታይ ኣኽእለኒ።

ተደጋሚ፡- ጸሎት'ዩ መፍትሒ ጸሎት ምሃረኒ
ፍቓድካ ኣፍሊጡ ቃልካ ዘስምዓኒ
ጸሎት'ዩ ዎ ጎይታ ናይ ዓወት መገዲ
ጸሎት'ዩ መፍትሒ ጸሎት ምሃረኒ።

2. ኩላቶም ቅዱሳት ኣባኻ ዝበጽሑ፡
   ብሓይሊ ጸሎት'ዮም ጸላኢ ዘድረሱ፡
   ተዘንጊዐ ጎይታይ ጸሎት ከይርስዕ፡

ልበይ ኣንቅሓዮ ኩለንትናይ ኣጽንዕ።

*ተደጋሚ፡-*

3. ካብ ማእሰር ናይ ትህኪት ካብ ዘይጠቅም ዕላል፡
   ፍትሓኒ የሱስይ ናባኻ ንምቕራብ፡
   ናይ ህይወተይ ግዜ ብኸንቱ ዘሕልፎ፡
   መታን ከድህየካስ ናባኻ ኣርንቦ።
   
   *ተደጋሚ፡-*

4. ካብ ድኻም ካብ ውድቀት ንጸገመይ ኩሉ፡
   ቦታ ጸሎተይ’ዩ ዓወት ዝረኽበሉ፡
   ብርሃነይ ደሚቑ ዙርያይ ዘብርሃሉ፡
   ቦታ ጸሎተይ’ዩ ነፍሳት ዝረብሓሉ።
   
   *ተደጋሚ፡-* ደ.ኣ

## መዝሙር እምነት 112 ብንብዓተይ ዝተነዓቕኩ

1. ብንብዓተይ ዝተነዓቕኩ፡ ጸሎተይ ዘይቅቡል ክመስለኒ፡

   ዎ ኣምላኸይ እኣምነካ’የ ኣብ ሽግረይ ከም እትረድኣኒ፡

   እኣምነካ’የ (2) ዝበልካዮ ኩሉ ከም ዝፍጸም፡

ስልጣን ኩሉ ኣብ ኢድካ'ዩ ካብ ጥፍኣት ከተድሕን ንዘልኣለም።

2. ጎይታይ ኢኻ ፈጣርየይ፡ ሕልናይ ከይዓርብ ትረድኣኒ፡
ብመንፈስካን፡ ብጸጋኻን፡ ብተስፋ፡ ክኸይድ ትገብረኒ፡
ዎ መድሕነይ (2) ከውለኒ ኣብ ትሕቲ ኣኽናፍካ፡
በታ ህይወት ከጽንዕ'የ ክኸይድ ኣርእየኒ ፍቓድካ።

3. ኣንቃዕሪረ 'ተጠመትኩ ደምካ ካብ ጎድንኻ ኪፈስስ፡
መጻእኩኻ ምስ ንብዓተይ፡ ንኹሉ ቁስለይ ንዓ ፈውስ።

እንካ ኢደይ(2) ሰይጣን መታን ከይምንዝዓኒ፡
መድሕነይን ኣኽሊለይን ንስኻ ኢኻ ጎይታይ ኣድሕነኒ።

4. ትሕቲ መስቀል ተምበርኪኸ መልሲ ናይ ጸሎተይ እጽበ፡

ይኹነለይ ከም ፍቓድካ፡ ቃላተይ ኪበጽሕ ናባኻ፡
ይኹነለይ(2) ጸሎተይ ቅቡል ይኹነለይ፡
ካብ ፍቓድካ ኣይፍለን'የ ጎይታይ ክሳዕ ሞተይ ምሳኻ'የ።

## መዝሙር እምነት 113 የሱስ'ዩ መልሲ ናይ ጸሎተይ

1. የሱስ'ዩ መልሲ ናይ ጸሎተይ፡
   ክሰምዖ'የ ዚብለኒ 'ብመገደይ፡
   ዝሞተት ነፍሰይ ህይወት ሃበኒ
   እኣምኖ'የ ነዚ መድሓኒ።

ተደጋሚ፡- የሱስ'ዩ መልሲ ናይ ጸሎተይ፡
እውከሎ ምሉእ ህይወተይ፡
የሱስ'ዩ መልሲ ናይ ጸሎተይ።

2. የሱስ'ዩ ጸሎተይ ዚሰምዖ፡
   ኣይሓፍርን'የ ክጽውዖ፡
   እኣምኖ'የ ስኽ ከምዘይብለኒ፡
   ኣብ ቃሉ ተስፋኡ ሂቡኒ።
   ተደጋሚ፡-

3. ጸሎት ዳኒኤል ዝመለሰ፡

መልሲ’ሎ ይኮነን ዝደቀሰ፡
‘ንተ ጸልመተ መልሲ ኣሎኒ፡
የሱስ’ዩ ‘ቲእሙን መድሓኒ።
<u>ተደጋሚ፡-</u>

## <u>መዝሙር እምነት 114 ህይወተይ ሓደራ</u>

1. ጉዕዞይ ምስ ዝብርትዕ-
   ኣብ ማእከል በረኻ
   ትሕቲ መስቀልካ’የ የሱስ
   ሃበኒ ሓይልኻ።

   <u>ተደጋሚ፡- ህይወተይ ሓደራ፡ ሓደራ፡ ህይወተይ</u>
   ሓደራ፡ ንኣኻ ከይክሕድ የሱስ ኣብ ግዜ መከራ።

2. ኅይታይ ሓልወኒ-
   ንድኹም ወድኻ

ደቒሰ ከይተርፍ የሱስ

ምርሓኒ ባዕልኻ።

*ተደጋሚ፡-*

3. ውግኤይ ምስ ወዳእኩ

ኣኽሊለይ ክቕበል፡

ንልበይ ቀይሮ ጎይታ

ምሳኻ ክነብር።

*ተደጋሚ፡-*

# መዝሙር እምነት 115 ህይወተይ ፍቕረይ ንኣኻ

1. ህይወተይ ፍቕረይ ንኣኻ፡

ገንሸል ኣምላኽ ዝሞትካለይ፡

ክእመን'የ ብየሱሰይ፡

መድሕነይ ኣምላኸይ፡፡

ተደጋሚ፡- ክነብር ንዝሞተለይ፡ ይኸውን ሕጉስ

ህይወተይ፡ ኣብ ጎልጎልታ ዝሞተለይ፡

ኣምላኸይ መድሕነይ።

2. እኣምን ከም ዝሞትካለይ፡
ከተድሕን ካብ ሓጥያተይ፡
ቀርኒ ምድሓን ጸግዒ ከውለይ፡
መድሕነይ ኣምላኸይ።
*ተደጋሚ*፡-

3. ኣብ ቀራንዮ ተሳቒኻ፡
ነፍሰይ ከተውጽእ ሓራ፡
እውፍዮ ምእንታኻ፡
መድሕነይ ኣምላኸይ።
*ተደጋሚ*፡-

## መዝሙር እምነት 116 ርድኣና ርድኣና

1. ፍቓድካ ከምቲ ኣብ ሰማያትካ፡
ከምኡ ድማ ኣብ ምድርና ይኹን፡
ካብ ሓሳዊ ትምህርቲ ሓልወና፡
ማና ናይ ሰማያትካ መግበና።

ተደጋሚ፡- ርድኣና ርድኣና፡ ብጸጋኻ
መድሕነና፡
ኣዕቁበና፡ ኣዕቁበና በኽናፍካ
ዕርድና፡
ካብ ሓሳዊ ትምህርቲ ሓልወና፡
ማና ናይ ሰማያትካ መግበና።

2. ርእስና ክንመርሕ ኣይንኽእልን፡
ሓመድን ሓሙኹሽትን'ውን ኢና፡
ጽድቅና ከም ጽዩቕ ጨርቂ ኢዩ፡
ዓቕሚ ኣእምሮና'ውን ሕሉል ኢዩ።
_ተደጋሚ፡-_

3. ኣብ ክፉእ ግዜ ኢና ዘሎና
ዎ ጎይታ ምሕረትካ ዘርግሓልና፡
ገጽካ ምርኣይ መታን ክኽእለና፡
ህይወትና መታን ክቕደስ ርድኣና።
_ተደጋሚ፡-_

4. ኣይትፍራህ እመን ደኣ ይብለኒ፡
ህይወት ምስ ተረፉ ክህበኒ፡
ቅዱስ ቃሉ ኣብ ልበይ ከንብረለይ፡
ኣብ ዓለም ዘሎ ዝፈጠረ ንኣይ።
<u>ተደጋሚ፡-</u>

## <u>መዝሙር እምነት 117 ዎ ዔላ ህይወት የሱስና</u>

1. ዎ ዔላ ህይወት የሱስና፡ ፈልፍል ኣብ መንጎና፡
ህይወት ክትረክብ ነፍስና፡ ክፍወስ ስጋና፡
ካብ ሞት ናብ ህይወት ዘሳግር፡
ህይወት ዘልኣለም ዚዕድል፡
ማይ ናይ ህይወት ኣብዝሓልና፡
ክንረዊ ሰቲና።

2. ዎ ዔላ ሓጎስ የሱስና፡ ፈልፍል ኣብ መንጎና፡
ሓጎስ ክትመልእ ነፍስና፡ ክሃድም ጓሂ
ሓልዮት ስጋ ዝኸብደና፡
ጓሂ ጸልማት ዘጽልለና፡
ማይ ናይ ሓጎስ ንጸገልና፡
ክሃድም ካባና።

3.ዎ ዔላ ሰላም የሱስና፡ ፈልፍል ኣብ መንጎና፡
ሰላም ክትመልእ ነፍስና፡ ክትዓርፍ ስጋና፡
ዙርያና እንተ ጸልመተ፡
ጸላኢ እንተ ፈከረ፡
ማይ ናይ ሰላም ኣፍስሰልና፡
ክንነብር ሃዲእና።

ደ.ሓ

## <u>መዝሙር እምነት 118 እምነት ዓድለና</u>

1. ንኣምላኽና ነመስግኖ ስለቲ ዓቢ ምሕረቱ፡
   ካብ ሓጥያት ኣውጺኡ ሃበና ዓቢ ናይ ሰማይ ሃብቱ።

   ካብ ናይ ሓጥያት መከራ ኣውጺኡና ክቡር መድሓኒና፡ ኣብ እምነት ጸኒዕና ክንነብር'ዩ ዝበለጸ መድሕንና።

*ተደጋሚ፡-* እምነት እምነት ዓድለና

ዎ ክቡር መድሓኒና፡ ማዕበል ዓለም እንስዕረሉ እምነት ዓድለና።

2. ሓወይ ተንስእ ነመስግኖ ስለቲ ዓቢ ምሕረቱ፡

ዓቢ ህያብ ኢዩ ሂቡና እንነብረላ ምስኡ፡ ዓለም ትናወጽ ኣላ ብናይ እቲ ክፉእ መፈንጠራ፡

ክርስትያን ግን ብእምነት ይጉዓዝ፡ ናብ ላዕለይቲ ከተማ።

*ተደጋሚ፡-*

3. ኖህ ብዛዕባ እቲ ዘይተራእየ ምስ ኣመነ፡

ብእምነት እዩ መድሓኒቶም መርከብ ዘዳለወ፡

ኣብርሃም ናብቲ ንርስቲ ክቕበል እተኣመመሉ፡

ስፍራ ክወጽእ ምስ ተጸውዔ፡ ብእምነት ተኣዚዙ።

*ተደጋሚ፡-*

*ከ.ጸ*

# <u>መዝሙር እምነት 119 ዎ ብሩኽ ከውሒ ዘልኣለም</u>

1. ዎ ብሩኽ ከውሒ ዘልኣለም
   ብልበይ እኣምነካ፡
   ኣባኻ ክሳዕ ዝበጽሕ፡
   ኣጽልለኒ በኽናፍካ።

<u>ተደጋሚ፡-</u> ዎ ብሩኽ ከውሒ ዘልኣለም

ገጽካ ክሳዕ ዝርኢ፡
ማዕበል እንተ ኸበበኒ
ኣባኻ ኣዕቊበኒ፡

2. ዎ ብሩኽ ከውሒ ዘልኣለም፡
   ካብዛ ናይ ጸልማት ዓለም
   ውሉድካ ክሳብ ትስሕቦ፡
   ብብርሃንካ ኸበቦ።
   <u>ተደጋሚ፡-</u>

3. ዕለታተይ ምስ ኣብጻሕኩ፡
   ርባ ሞት ኣሳጊርካ፡

ብደጌታት ክብሪ ጌርካ፡

ኣዕርፈኒ ኣባኻ።

*ተደጋሚ፡-*

4.ኣብ ሰማይ ኣብቲ ቤት ኣቦይ፡

ምስ ኩሎም መዋርስተይ፡

ክውድስ ብሓደ ደሃይ፡

ንየሱስ ንጉስ ሰማይ።

*ተደጋሚ፡-*

## መዝሙር እምነት 120 እዚ'ዩ ተስፋይ

1. ከም ጓና እየ ኣብዛ ምድሪ፡

ናይ የሱስ እየ ሃገረይ ሰማይ፡

ኣምላኽ በኽናፉ የጽልለኒ፡

ካብ ፍላጻ ሰይጣን ይባልሃኒ።

*ተደጋሚ*፡- እዚ'ዩ ተስፋይ እዚ'ዩ ደስታይ

ጎይታይ ከምልኾ፡ ኣብቲ ናብራይ(2)

2. ጎይታ ዘሪኡ ጽቡቕ ዘርኢ

ክርዳድ ኣትይዎ መበላሸዊ፡

ሓድሽ ነገር ግን መሃረኒ፡
ናይ ሰይጣን ውዲት ኣፍለጠኒ።
*ተደጋሚ፡-*

3. ዎ ቅዱስ ኣምላኽ ጎይታ ክብሪ፡
ኣብ ዝፋን ኴንካ ኩሉ ትርኢ፡
ኣልፋን፡ ኦሜጋን ዘይትልወጥ
ኣብ ዘመንና'ውን ሓይልኻ ግለጽ።
*ተደጋሚ፡-*

4. ኣብ ኩላ ምድሪ ከኽብሩኻ፡
ጸጋኻ 'ብዝሓሎም ንባሮትካ፡
ብድኻሞም'ውን ራሕርሓሎም፡
ኣገልገልትኻ ብዙሓት'ዮም።

## መዝሙር እምነት 121 ድምጽኻ ሰሚዐ መጺአኩ

1. ብጸጋኻ ክዓቢ ክፈልጥ ሓሳብካ፡
ክጽሊ ክጸውም፡ ክነብር ምሳኻ፡

መልእኽቲ ክቕበል ቀሪበ ኣባኻ፡
መንፈስ ቅዱስ ንዓ መሃረኒ ኢኻ።

<u>ተደጋሚ</u>

<u>ድምጽኻ ሰሚዔ መጻእኩ ንዓኻ ደሌኹ።(2)</u>

2. ስንብራተይ ጸግን ድኻመይ ተረዳእ፡
ድምጽኻ ሰሚዔ ከይብል ዘርባዕባዕ
ምዝሓል ህይወተይ'ውን ኣሙቕ ብመንፈስካ፡
ብሓጎስ ብዓወት ክነብር ምሳኻ።
*<u>ተደጋሚ፡-</u>*

3. ናይ ህይወተይ ትርጉም ምኧንካ እርኢ፡
ብሓጎስ ብሓዘን ኣይትፈለይኒ፡
'ተዛረብክዎ ቃል ንዘሎኒ ኪዳን፡
ምሕረት ኣብዝሓለይ ወርትግ ደው ንምባል።
*<u>ተደጋሚ፡-</u>*

4. ድሃይካ ሰሚዔ ክሕጎስ ክባረኽ፡
ሃረርታ ልበይ'ዩ ብኣኻ ክማረኽ፡
መንፈስካ ብምልኣኽ ኣጉህረኒ ኢኻ፡
ድምጽኻ ኣስምዓኒ ጎይታይ ሓደራኻ፡
*<u>ተደጋሚ፡-</u>*

# <u>መዝሙር እምነት 122 ጠቢቐ ምስኡ ክስጉም</u>

1. ጠቢቐ ምስኡ ክስጉም፡
   ህዱእ ስጕሚ ሰማይ፡
   ሃበኒ ድምቕቲ ቐንዴል፡
   ተብጽሕ ናብ ገንሸል።

2. ምጻኒ ዎ ቅዱስ መንፈስካ፡
   ዎ መጻናንዕየይ፡
   ካባይ ዘርሓቕካዮ ሓጥያት፡
   እጸልእ ኣለኹ።

3. ዓቢ ኮነ ብሉጽ ኩሉ፡
   ጣኦት ዝሰግደሉ፡
   ሓግዘኒ ንምብታኹ፡
   ንዓኻ ክትሰግደሉ።

4. መገደይ ይኹን ምሳኻ፡

ዓድለኒ ድማ፡

ድሙቕ ብርሃን ንመገደይ፡

ዝመርሕ ናብ ቤተይ።

## <u>መዝሙር እምነት 123 ብመንፈስ ትሕትና ምልኣዮ ንልበይ</u>

1. ዓስቢ ናይ ትሕትና ካብ ኮነ ልዕልና፡
   ኀይታ ደግፈኒ ክዕጠቕ ትሕትና፡
   ኣብ ቅድሜኻ ኀይታ ኣብ ቅድሚ ብጾተይ፡
   ብመንፈስ ትሕትና ምልኣዮ ንልበይ፡

2. ኀይታ ኣብ ቅድሜኻ ኀዲለ ከይርከብ፡
   ሓግዘኒ ኢኻ ቀልጢፈ ክትሕት
   ምስ ዘጕሂ ብጻየይ ብጌጋ ምርዳእ
   ሓግዘኒ ኢኻ ቀልጢፈ ክትሕት፡፡

3. ኣብ ጽንዕቲ ኢድካ ትሕት እንተ በልኩ፡
   ልዕል ተብለኒ ሽዑ ተዓወትኩ፡
   መገዲ ትሕትና ተብጽሕ ናብ ክብረት፡

ብኣኣ ኸጎዓዝ ብጸጋኻ ኣኽእል።

## <u>መዝሙር እምነት  124 ‘‘ዎ’’ እብለካ ረዳኢ</u>

1. “ዎ” እብለካ ረዳኢ ግልጽ በል ስምዓኒ፡
   በረኸትካ ጠሚርካ ብልግሲ ሃበኒ፡
   ኳሂ ልበይ ኣርሒቕኻ ህድኣተይ ኩነኒ፡
   ቿሕ ኢለ ዝርእዮ ነይብለይ ሓጋዚ።

2. ስምካ ዘድህዩ ኲሎም ትሰምዖም ንስኻ፡
   ኳሂ ልቦም ቀንጢጥካ ተርህወሎም ኸኣ፡
   ኣነውን ኣድህየካ ፍጠን ንምርድኣይ፡
   ቆላሕታኻ የህድሞ ንጸላኢ ነፍሰይ፡

3.ተለመነኒ እልምን ረዳኢ ግዱዓት፡
ልበይ ዝኸብዶ ኹሉ ኣልግሶ ብለውሃት፡
ግናሕ ነቲ ከሳሲ ብሓይሊ ስልጣንካ፡
ሽፍነኒ ብደምካ ምእንታይ ዘፍሰሰካ።

4.ሰይጣን ከይብለጸለይ ኣይትፈለየኒ፡
ውዲቱ ንምልላይ መንፈስካ ሃበኒ።
ብኣኻ'ዩ ትምክሕተይ ዓወተይ ድማኢ፡
ጥበበይኒ ገድለይኒ ከቶ ነይጠቕመኒ።

5.ተመስገን ዎ ኣምላኸይ ጸሎተይ ዘቕለብካ፡
ድኹም ክነሰይ እኺ ሓይለ ብኣኻ።
"ዝለመነ ይቕበል" እሙን'ዩ ተስፋኻ።
ውሬታይሲ እዚ'ዩ ህይወተይ ንኣኻ።

ደ.ኣ

## <u>መዝሙር እምነት 125 ኣታ ሓቀኛ ዳኛ</u>

1. ኣታ ሓቀኛ ዳኛ ፍትሕኻ ኣውጽኣለይ፡
ሕሱም ጸላኢ ነፍሰይ ምስ ነደረ ንኽሰይ፡
ዎ ዘይሰነፍ ጠበቓ ባዕልኻ ደው በለለይ።

2. ጎይታ ጸሎተይ ስማዕ ቀልጢፍካ ምለሰለይ፡
ብመዓልትታት ጸበባ ገጽካ 'ይትኸውለለይ፡

ዎ መርሃዊ ጭኑቓት ቁሊሕ በል ንምርድኣይ፡፡

3. ንመብራህተይ ኣድምቆ፡ ጸልማተይ ኣርሕቐለይ፡
ከም ብዋልታ ብጸጋ ኸበባ ንህይወተይ፡
ዎ ንጉሰይ ኣምላኸይ ኣድህበሉ ጥርዓነይ።

4. ተመስገን ዎ የሱሰይ ደሓንኩ ካብ ጸላእተይ፡
ኣፍቅረካ'የ ሓይለይ ዕርደይ መናገፍየይ፡
ዕዉት እየ ምሳኻ ምሉእ 'ውን'ዩ ሰላመይ።

ደ.ኣ

## መዝሙር እምነት 126 ሃዲእና መታን ክንነብር

1. ሃዲእና መታን ክንነብር ብደሓን ኣብ ዓድና፡

ምህዳም ምጥሓስን ኣርሕቆ ሰላምካ ኣብዝሓልና፡
ንምዓትና ጎይታ ‘ቑርሮ ኣፍሰሰልና ማይ ሰላይ
ንምድርና’ውን ፈውሳ ካብ ደርቂ ኩሉ ሕማም።

2. ካብ ናይ ወገንን ዓሌትን ካብ ናይ ሻርነት ጽልኢ
ኣድሕነና፡ መስፍን ሰላም መሊእካ ስኒት ፍቕሪ፡
ዝዘራእናዮ ክበቁል ርሑስ ቀውዒ ክንርኢ፡
ንምድርና ኣተርክሶ ብዝናም ናይ ክረምቲ፡

3. ምንቕቓሕ ስደደልና ኩሉ ሕዝቢ ክምለስ፡
ካብ ሓጥያት ናብ ቅድስና ናብ ናይ ዘልኣለም
ህይወት።

ወንጌል ናይ ሰላም ክትከል ኣብዛ ጸልማት ምድርና፡
ጸሓይ ጽድቂ ክበርቀልና ክትከውን መራሒትና።

4. ብጹእ እዩ እቲ ህዝቢ ብሩኽ ኣምላኽ ዝንጉሱ፡
ነቲ ክቡር ደም ዘይረግጽ ዝፈሰሰ ስሊኡ።
ኣምላኽ ካብ ኮነ ንጉሱ ኣይርከብን ዘፍርሆ፡
ብናይ ሰማይ መላእኽቲ ብዘርያኡ ይኸቦ።

ደ.ሓ

# <u>መዝሙር እምነት 127 ንጽሊ ኣሎና</u>

1. ንጽሊ ኣሎና ስምዓና ዎ ኣምላኽ፡
   ልብና ክጸሪ ብመንፈስ ኪምላእ
   በዚ ሓደ ኮይና ኩላትና ብሓባር፡
   "ክብ ከነብለካ ብልቢ ብተግባር"። (2)
2. ንጽሊ ኣሎና ስምዓና ዎ ኣምላኽ፡
   ሓሳብና ሰሚሩ ብድሌት ክንስለፍ፡
   በዚ ሓደ ኮይንና 'ና ተደጋገፍና።
   "ክብ ከነብለካ ብልቢ ሓቢርና"። (2)

3. ንጽሊ ኣሎና ስምዓና ዎ ኣምላኽ
   ፍቕሪ ክሓድረና ክንተሓቛቆፍ፡
   በዚ ሓደ ኮይንና 'ና ተደናገጽና፡
   " ክብ ከነብለካ ሃልሃል እናበልና"። (2)

ደ.ሓ

## መዝሙር እምነት 128 ፍቓድካ ይኹን ዎ ኣምላኸይ

1. ፍቓድካ ይኹን ዎ ኣምላኸይ ንስኻ ሰራሒ ኣነ መሬት፡

   ከምቲ ፍቓድካ ስርሓኒ ‘ኻ እጽበ ‘ሎኹ ፍቓደይ’ዩ።

2. ፍቓድካ ይኹን ዎ ኣምላኸይ ‘ንሆ ልበይ ርኤ መርምረኒ፡

   ሕጂ ከም በረድ ኣጽርየኒ ክሰግድ እየ ኣብ ቅድሜኻ።

3. ፍቓድካ ይኹን ዎ መድሕነይ ጎይታይ ርድኣኒ ድኹም እየ።

ሓይልን ክእለትን ናትካ ኢዩ ቁሊሕ በለኒ መስኪን እየ።

4. ፍቓድካ ይኹን ዎ መድሕነይ ስጋይ ይገዛእ ብሓይልኻ።

ምልኣኒ ከኣ ብመንፈስካ የሱስ ክርአ ኣብ ህይወተይ።